1st current copy

RDC 1

# ነጋሪት ጋዜጣ ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ. 1. /1991/ ቁ. 1.

ዕለት 15 ወርሒ መስከረም ዓ.ም. 1991 ዋጋ ........ 10"

# ኣ ዋ ጅ 3

# መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራ

ክስርሓሉ ዝጸንሐ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ከከም ኣድላይነቱ እዞም ዝስዕቡ ምምሕያሻትን መተካእታታትን ምስራዛትን ተገሩሉን ኩሎም ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምልከቱ ቃላትን ሓረጋትን ኣስማትን ዕለታትን ብናይ ኤርትራ ጊዜያዊ መንግስቲ ተተኪኦምን መሰጋገሪ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኤርትራ ተባሂሉ ካብ መስከረም 15 1991 ዓ.ም. ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ክስርሓሉ ተኣዊጁ ኣሎ ። ነዚ ንመሰጋገሪ እዋን ክስርሓሉ ተኣዊጁ ዘሎ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ዝጻረር መግዛእታዊ ሕጊ ንጹግ ኮይኑ፣ ዝኾነ ነዚ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓትን ንፖሊሲታት ህግሓኤን ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራን ዘይጻረርን ዘሳኒን ንምትግባሩ ዘገልግልን ከም ናይ ዳንነት ገንዘብ ኣከፋፍላን ናይ ቴምብር ቀረጽን ናይ ውዕላትን ትሕጃን ምዝገባን ካልእ ሕግታትን ብኻልእ ሕግታት ብንጹር ክሳብ ዘይተነጽገን ዘይተተክአን ጻኒዑ ይስርሓሉ ። ንናይ ፍርዲ ሽንጎታትን ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርድን ካብ ናይ ኣብያተ ፍርዲ ስልጣን ገዚፉ ስልጣን ዝሃበ ኣዋጅ ውጽኢት ኣይህልዎን ።

# መቕድም

ዓንቀጽ 1 ክሳብ ዓንቀጽ 3 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ደድሕሪ ዓንቀጽ 3 ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ እዞም ዝስዕቡ ዓንቀጻት 4-6-7-13-14-15 ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ህግሓኤ ብከም'ዚ ዝስዕብ ተመሓይሾም ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

"ዓንቀጽ 4 ነጻነት ደያኑ

ደያኑ ካብ ዝኾነ ጸቕጢ ነጻ ኮይኖም ብመሰረት ሕጊ ጥራይ ፍትሒ የመሓድሩ ።

ዓንቀጽ 6 ተርጓሚ ናይ ምቕራብ ግቡእ

ቤት ፍርዲ ነቲ ዝውቱር ቋንቋታት ዘይክእል በዓል ነገር ተርጓሚ ከቕርበሉ ይግደድ ።

## ዓንቀጽ 7 ቤት ፍርዲ (ዳኘነት) ንህዝቢ ክፉት ክኸውን ከምዘለዎ

1. ኣብያተ ፍርዲ ጉዳይ ኣብ ዝዳንያሉ እዋን ንህዝቢ ክፉታት ክኾኑ ኣለዎም ።
2. ድሕንት መንግስትን ህዝብን ጸጥታ ሃገርን ከምኡ'ውን ስነ ምግባር ምስ ዝጠልቦ ግን ዳኘነት ኣብ ዕጹው ክርአ ይከኣል ።

## ዓንቀጽ 13 ደያኑ ካብ ሓደ ዝሓዝዎ ጉዳይ ዘልግስሉ ኩነታት

ደያኑ በዞም ዝኸተሉ ምኽንያታት ብወለንትኦም ንቲ ቀሪቡሎም ዘሎ ጉዳይ ካብ ምርኣይ የልግሱ ። ብወለንትኦም ምስዘየልግሱ ግን ፡ ሓደ ካብ ሰብ ነገር ንኽልግሱ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል ፡—

ሀ. እቲ ዳኛ ኣብቲ ጉዳይ ግዱስ ወይ ብዱል ምስ ዝኸውን ፡ ወይ ናይ ሰብ ነገር ወይ ወከልቶም ናይ ቀረባ ዘመድ ምስ ዝኸውን ፡

ለ. እቲ ዳኛ ኣብቲ ጉዳይ ኣቐዲሙ ተሳቲፉ ምስ ዝነብር እሞ ተሳታፍነቱ ንፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ናይቲ ጉዳይ ብኣሉታ ዝጸልዎ ምስ ዝኸውን ።

## ዓንቀጽ 14 ውሳኔ ንጥርዓን በዓል ነገር

ዳኛ በቶም ኣብ ዓንቀጽ 13 ተዘርዚሮም ዘለዉ ምኽንያታት ብወለንትኡ ብዘይምልጋሱ ብሓደ ሰብ ነገር ዝቐረበ ጥርዓን በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ይውሰን ፡ ይግባይ ከኣ ኣይበሃለሉን ።

## ዓንቀጽ 15 ካልኦት ምልጋስ ዝምልከቶም ሰባት

1. ዓንቀጽ 13 ንጸሓፍቲ ፡ ተርጎምቲ ከኢላ መሰኻኽር እውን ተፈጻምነት ኣለዎ ።
2. ብወለንትኦም ኣብ ዘየልግስሉ እሞ ሰብ ነገር ጥርዓን ምስ ዘቕርቡ እቲ ጥርዓን ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ይግባይ ዘይብሉ ውሳኔ ይህብ ።"

# ቀዳማይ መጽሓፍ

## ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ

### ምዕራፍ 1

## ዓንቀጽ 4 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

## ዓንቀጽ 5 ውዱእ ነገር

ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ዓንቀጽ 5 ንኡስ ቁጽሪ 1 ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ኣሎ፡
"ብሕጊ ስልጣን ዝተዋህቦ ናይ ፍርዲ ሽማግለ ወይ ቤት ፍርዲ ንሰብ ጉዳይ ኣጫቢጡን ኣከራኺሩን መርትዖ ሰሚዑን ሓንሳብ ዝፈረዶ ውዱእ ጉዳይ በቶም ሰብ ጉዳይ ወይ ካብኦም መሰላት ብዝረኸቡ ወገናት እንደገና ከም ብሓድሽ ክስ ክቐርበሉ ኣይክእልን ።"

ዓንቀጽ 5 ንኡስ ቁጽሪ 2፡3፡4 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስር ዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

## ዓንቀጽ 6 ዳንነት ንኽርአ ዝቐርብ ጥርዓን

ዓንቀጽ 6 ንኡስ ቁጽሪ 1 "ፍርዱን ለፈረደው ወይም ትእዛዙን ወይም ውሳኔውን ለሰጠው ፍርድቤት" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ፡ "ነቲ ዝተወሰነ ናይ ዳንነት ገንዘብ ብምኽፋል ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጥርዓኑ ክቐርብ ይኽእል" ብዝብል ሓረግ ተተኪኡ ኣሎ ።

ዓንቀጽ 6 ንኡስ ቁጽሪ 1 (ሀ)፡ (ለ) ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 6 ንኡስ ቁጽሪ 2፡3፡4 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስር ዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓናቕጽ 7-10 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 11 ንኡስ ቁጽሪ 1—2 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስር ዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 11 ንኡስ ቁጽሪ 3 "ኣቤቱታ ለጠቅላይ ንጉሰ ነገስት ፍርድ ቤት" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ "ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ" ብዝብል ሓረግ ይትካእ ።

ዓንቀጽ 11 ንኡስ ቁጽሪ 4—5 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 2

## ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ፍረ ነገር

ዓንቀጽ 12 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓናቕጽ 13-14-15 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ብኽምዚ

ዝስዕብ ተመሓይሾም ይስርሓሎም :-

"ዓንቀጽ 13፡ ኣብ ዓንቀጽ 15 ንኡስ ቁጽሪ 2፡ 3 ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 18 ዝተሓገገ ዝተሓለወ ኰይኑ ኣብያተ ፍርዲ ወረዳ እዞም ዝስዕቡ ክለ-ስልጣን ይህልዎም :-

ሀ. ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ካብ 5000 ብር ዘይዛይድ ክሲ፣

ለ. ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ካብ 10,000 ብር ዘይዛይድ ክሲ።

ዓንቀጽ 14፡ ኣብ ዓንቀጽ 15 ንኡስ ቁጽሪ 2፡3 ዝተሓገገ ዝተሓለወ ኰይኑ ኣብያተ ፍርዲ ኣውራጃ እዞም ዝስዕቡ ክለ-ስልጣን ይህልዎም :-

ሀ. ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ካብ 5001 ብር ክሳብ 50,000 ብር ዘይዛይድ ክሲ፣

ለ. ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ካብ 10,001 ብር ክሳብ 100,000 ብር ዘይዛይድ ክሲ።

ዓንቀጽ 15፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እዞም ዝስዕቡ ክለ-ስልጣን ይህልዎ :-

ሀ. ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ካብ 50,000 ብር ንላዕሊ ዝኾነ ክሲ፣

ለ. ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ካብ 100,000 ብር ንላዕሊ ዝኾነ ክሲ.

ዓንቀጽ 15 ንኡስ ቁጽሪ 2 (ሠ) "ለህዝባዊ ጥቅም በመዋል ምክንያት የሚነሱትን ክርክሮች ለመቀበል "ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ "ንብረትን ማስለቀቅ" ዝብል ሓረግ ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ።

ዓንቀጽ 15 ንኡስ ቁጽሪ 2 (ረ) "በሕገ መንግስቱ በአንቀጽ 75 የተነገረው ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ብምኽንያት ስራሕ ዝተዋህቦም ሓላፍነት ምስ ዘጉድሉ ዝቐርብ ክሲ ንምርኣይ " ዝብል ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ።

ዓንቀጽ 15 ንኡስ ቁጽሪ 3 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ።

ዓናቕጽ 16—18 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም።

## ምዕራፍ 3

## ስልጣን ኣብያተ-ፍርዲ ኣብ ቦታ

ብዘይካ ዓንቀጽ 28 ካብ ዓንቀጽ 19—30 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም።

ዓንቀጽ 28 ንጹግ ኢዩ ።

ዓንቀጽ 31 ንኡስ ቁጽሪ (1) ኣብ ክንዲ "ፍርድ ከመስጠቱ በፊት" ዝብል ሓረግ "ማስረጃ ከመስማቱ በፊት" ወይ መርትዖ ቅድሚ ምስምዑ ዝብል ሓረግ ይትክእ ።

ዓንቀጽ 31 ንኡስ ቁጽሪ (2) ንጹግ ኢዩ ።

ነዚኦም ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 84/1976 ንጹግ ኢዩ ።

# ካልኣይ መጽሓፍ

## ከም ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ኣብ ክርክር ምስታፍ

ዓንቀጽ 32 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

### ምዕራፍ 1

ዓናቕጽ 33—41 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 42 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ ፡ — "ስርዓት ምኽባር ሕጊ ህዝባዊ ረብሓ ኣብ ዝትንከፈሉ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ተኸቲሉ ሲቪላዊ ክሲ ከቕርብን ኣብ ዝኾነ ደረጃ ሲቪላዊ ክርክር ከም በዓል ነገር ጣልቃ ኣትዩ ክከራኸርን ይኽእል ።"

ዓናቕጽ 43—47 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

### ምዕራፍ 2

## ሙማት ወይ ምጥፋሽ ተኸራኸርቲ ወገናት

ዓናቕጽ 48—56 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

### ምዕራፍ 3

## ብዛዕባ ተኸራኸርትን ወኪላትን

ዓናቕጽ 57—60 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ዓንቀጽ 61 "የጦር ሃይል ኣባሎች" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ "ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት" ብዝብል ሓረግ ተተኪኡ ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

ዓናቕጽ 62—64 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 4

ናይ ሰብ ነገር ምቕራብ ወይ ዘይምቕራብ

ዓናቕጽ 65—78 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

# ሳልሳይ መጽሓፍ

ዓንቀጽ 79 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 1

ጥርዓን

ዓናቕጽ 80-93 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይሰርሓሎም ።

ምዕራፍ 2

መጸዋዕታ

ዓናቕጽ 94—121 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 3

ዓናቕጽ 122—136 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 4

ዓናቕጽ 137—146 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 5

ዓናቕጽ 147--176 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ዓናቕጽ 177—179 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ። ነዚኦም ንምምሕያሽ ዝወጸ ኣዋጅ 55/1975፣ ንጹግ ኢ.ዩ ።

## ምዕራፍ 6

ዓናቕጽ 180—191 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 7

ዓናቕጽ 192—212 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

# ራብዓይ መጽሓፍ

## ምዕራፍ 1

### ኣቀራርባን ኣመሰራርታን ክሲ

ዓናቕጽ 213—240 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘ ለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 2

### ምስማዕ ክሲ

ዓናቕጽ 241—273 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 3

### ምቁራጽ ክሲ

ዓናቕጽ 247—283 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

# ሓሙሻይ መጽሓፍ

## ምዕራፍ 1

ዓናቅጽ 284—292 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 2

ዓናቅጽ 293—299 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 3

ዓናቅጽ 300—314 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 4

ዓናቅጽ 315—319 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

# ሻድሻይ መጽሓፍ

## ይግባይ ፡

ዓንቀጽ 320 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 321 ንኡስ ቁጽሪ 1/ሀ ፣ ለ/ ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 321 ንኡስ ቁጽሪ 1/ሐ ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ተሰሪዙ ፦

"ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንዝቐርብ ይግባይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ባዕሉ ይሰምዖ" ብዝብል ተተኪኡ ኣሎ ።

ዓንቀጽ 321 ንኡስ ቁጽሪ 2 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ ።

ሀ- ኣብ ሓደ ጽፍሒ ኣብያተ ፍርዲ ሓደ ጉዳይ ተሰሚዑ

ፍርድን ብይንን ምስ ተዋህበ፣ ዝተረትዐ ከሳሲ ወይ ተኸ ሳሲ ይግባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን ።

ለ- እቲ ይግባይ ዝሰምዕ ቤት ፍርዲ ንናይ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ፍርድን ብይንን እንተድኣ አጽዲቑዎ ነቲ ይግባይ ኢሉ ዝተረትዐ ወገን ብዝምልከት እቲ ጉዳይ ይዕጾ ።

ሐ- እቲ ይግባይ ዝሰምዕ ቤት ፍርዲ ንናይ ታሕታዋይ ቤት ፍርዲ ፍርድን ብይንን እንተድኣ ቀይርዎ እቲ ኣብ ታሕ ታዋይ ቤት ፍርዲ ረቲዑ ዝነበረ ወገን ናብ ልዕሊኡ ዘሎ ቤት ፍርዲ ይግባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን ። ይግባይ ሰሚዑ ቤት ፍርዲ ፍርድን ብይንን ምስ ሃበ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ናይ ክልቲኦም ወገናት ናይ ይግባይ መሰላት ስለዝጽንቀቕ እቲ ጉዳይ ይዕጾ ።

መ- ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብቀዳማይ ደረጃ ይግባይ ዝተ ባህለሉ ጉዳያት ፕረሲደንት ናይ'ቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርድን እቶም ነቲ ጉዳይ ዘይርኣይዎ ኩሎም ደያኑ ላዕዋለይ ቤት ፍርድን ይርእይዎ ።

ሰ- ፕረሲደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርድን እቶም ነቲ ጉዳይ ዘይ ርኣይዎ ደያኑን ዝውስንዎ ጉዳይ ይግባይ ኣይበሃለሉን ።

ዓንቀጽ 322 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ንጹግ ኢዩ ።

ዓናቕጽ 323—349 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2

ዓንቀጽ 350 ንኡስ ቁጽሪ 1 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 350 ንኡስ ቁጽሪ 2 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ተተኪኡ ኣሎ :—

"ዝኾነ ይኹን ተኸራካሪ ወገን ይግባይ ናይ ምቕራብ መሰሉ ከይጥቀመሉ ይኽእል ። እቲ ብናይ ይግባይ መሰል ዘይምጥቃም ካብ ዘይፍላጥን ዘይምርዳእ ናይቲ ነገርን ምስ ዝኸውን ሳዕቤን ኣይህልዎን።"

ዓናቕጽ351—357 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከም ዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 3

## ተቓውሞ



RDC

ዓናቕጽ 358-360 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 4

ምጽራይ ፍርዲ ፡

ዓናቕጽ 361—370 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ንጹጋት ኢዮም ።

# ሻብዓይ መጽሓፍ

## ምትግባር ፍርዲ

ምዕራፍ 1

ዓናቕጽ 371—455 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2

ዓናቕጽ 456—461 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

# ሻምናይ መጽሓፍ

ምዕራፍ 1

ዓናቕጽ 462—466 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2

ዓናቕጽ 467—479 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ታሽዓይ መጽሓፍ ፡

ዓናቕጽ 480—483 ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።